ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ

حزب النهضة الإريتري

Eritrean Nahda Party

## ኣምበሳደር ስርዓት ህግደፍ “ንሕና ንህዝቢ በስገዳድ ክፈል ኣይ በልናዮን ”ይብል

ስርዓት ህግደፍ መቐጸልታ ናይ’ቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝተኸተሎ ናይ ተጋፒኻ ኣጋፒ ፖሊሲኡ ፡ ኣብዕለት 16/12/2011 ኣብርያድ ስዑዲ ዓረብ ንዝርከቡ ኤርትራውያን ኣኼባ ኣካይዱ ። እቲ ኣብ ቀጽሪ ቤት ጽሕፈት ኤምባሲ ዝተገብረ ኣኼባ ቅድሚ ምክያዱ ኣቐዲሙ ብቐንያቱ ኣብ ቤት ትምህርቲ ማሕበረ ኮም ንዝመሃሩ ተመሃሮ ከይተረፈ ወለዶም ናብ’ቲ ኣኼባ ንኽመጹ ግዴታ ምኳኑ ክሕብርን ከፈራርሕን ከምዝቐነየ ምንጭታትና ኣረጋጊጾም ።

ዕላማናይቲ ኣኼባ ፡ ብዛዕባ እቲ ኣብ ልዕሊ ህግደፍ ዝተወሰነ እገዳ ኣብ ህዝቢ ጌጋ ኣረአእያ ፈጢሩ ኣብ ጉኑ ከም ዝስለፉ ንምግባር ዝዓለመ እዩ ነይሩ ።  ኮይኑ ግን ክሰምረሉ ኣይከኣለን ብኣንጻሩ እኳ ደአ ካብ ህዝቢ ዘዋጥሩ ሕቶታት ንኣምበሳደር ኣብ ዝቐረበሉ እዋን ፡ ክሕስውን ጥውይዋይ መልሲ ክህብን እዩ ተራእ’ዩ ። ገለ ካብ’ቲ ሓሶታቱ ንክልተ ካብ ሚእቲ ብዝምልከት ከምዚ ክብል ተሰሚዑ “ ንሕና ንህዝቢ 2% ንክኸፍል ኣየገደድናዮን ፡ ህዝቢ ባዕሉ ብድልየቱን ተገዳስነቱን ኢዩ ዝኸፍል ዘሎ ፡ ንመጻኢውን ነዚ ተወሲኑ ዘሎ እገዳ ብምቅዋም እቲ 2% ምኽፋል ክቕጽሎ ኢዩ ” ኢሉ ።

ገለ ካብ’ቲ ብተሳተፍቲ ንኣምበሳደር ዝቐረበሕቶ“

 ክቡር ኣምበሳደር ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ እዋን ነቲ ብሕቡራት ሃገራት ዝተወሰነ እገዳ በዲህናዮ ኢና ፡ ኣብቂዑ እዩ ኢልኩምናኔ ርኩም ። እንድሕር ኣብቂዑ ኮይኑደአ ነየናይ እጋዳ ኢኹም ኪንብድሆ ኢና ትብሉ ዘለኹም ”ክብልአ ዋጠሮ ። ወዮ ኣምበሳደር ከይሓፈረ“ ኣመሪካ እያ እዚ ኹሉ ትገብር ዘላ ”  ኢሉ ክምልስ እንከሎ  ፡ ሓደ ካብ ኣኼበኛታትት ትስእ ኢሉ“ መበገሲ ሰበብ ናይዚ ኹሉ መን እዩ ኣመሪካ ወላስ ንስኹም  ”ክብል ከቢድ ሕቶ ሓተቶ ፡ ኣምበሳደር ሆየ ደረጃ ኣተሓሳሰባ ናይ ህዝቢ ኣብ ግምት ዘየእተወ ድሑር ኣተሓሳሰባ ዝሰረቱ መልሲ “ ኣመሪካ ካብ ቅድም ኣትሒዛ ናጽነትና ኣይትደልይን እያ ነይራ ፡ ሕጂ ‘ውን እንተ ኾነ ኣብ ክንዲ ኢትዩጵያ ኮይና ባሕርና ንምግባት ትጻባኣና ኣላ ” ክብል መልሲ ምስሃበ ፡ ኣብ መንጎ ኣኼበኛታት“ ማዕረ ክንድ’ዚ ድዩ ኣትሒቱ ኣብ ከባቢና እንታይ ይግበር ከምዘሎ ዘይንፈልጥ ገይሩ ወሲዱና ” ዝብል ትሒምታ ይስማዕ ነበረ ።

ኣስዒቡ ምንጭና ከም ዝሓበሮ ፡

  ሓደ ኣኼበኛ ብዛዕባ እቶም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተኣኪቦም ዝነበሩ ኤርትራውያን ምስ ሓተቶ ፡ ኣምበሳደር ዝሃቦ መልሲ “ እዚኦም ንከታተሎም ኣለና ሓንቲ ክገብሩ ኣይክእሉን እዮም ፡ ክንብድሆም ኢና ”ክብል መልሲ ሃበ ። ኣብ’ዚ ዘረባ’ዚ ሓዲሽ ነገር እንተ ነይሩ ፡ ቅድሚ ሕጂ ካብ ሓለፍቲ ህግደፍ ተሰሚዑ ዘይፈልጥ ቃላት ምውጹኡ እዩ ፡ ንሱ ኸአ እቲ ቀደም ብሓለፍቲ ህግደፍ ተቓወምቲ ዝበሃሉ የለዉን ዝበሃል ዝነበረ ዘረባ ፡ ሎሚ ምህላዎም ኣሚኑ ክብድሆም ይዳሉ ከም ዘሎ ምሕባሩ እዩ ። እዚ’ውን ተቓወምቲ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ህግደፍ ማዕረ ክንደይ ጽልዋ ኣሕዲሮም ከም ዘለዉ ዘተንብህ ምኽኑ እዩ ።

ኣብ’ቲ ኣኼባ ካብ ዝተሳተፉ ቁሩብ ቁራቦ ኣኼበኛታት ፡

ወላ’ኳ መብዛሕትኦም ህግደፋውያን እንተነበሩ ዳርጋ ኩሎም በቲ ብሓሶትን ጌጋን  ዝመልኤ ዘረባ ኣምበሳደር ኣይዓገቡን ኣይተሓጎሱን ።

ከምዝፍለጥ ኣብ ርያድ ሱዑዲ ዓረብ ዝርከቡ ኤርትራውያን ፡ ኤምባሲ ኤርትራ ኣገዲዱ 2% የኽፍሎምን ፡ 2% እንተዘይከፊልኩም ንኤርትራ ኣይትኸዱን ኢኹም ፡ ፓስፖርት ኣይሕደሰልኩምን እዩ ፡ ውክልና ኣይትገብሩን ኢኹም ወዘተ... እናበለ ካብ ዝተፈላለየ ናይ ኤምባሲ ኣገልግሎት ይሕርሞም ኣሎ ። ብሰንኪ’ዚ ውን ብዙሓት ኤርትራውያን ካብ ስርሖም ተመዛቢሎም ኣሻቓሊ ናብራ የሕልፉ ከምዘለዉ ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ ።

ክፍሊዜና

18/12/2011